# ፩ ሰንበት ዘጽጌ

## 17 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም (10/27/2024)

መዝ. በጊዜሁ ኀለፈ ክረምት ቆመ በረከት...ክረምቲ ብግዚኡ ሓሊፉ በረኸት ተተኺሉ፥ ዕምባባታት ዓምበቡ፥አብ ገነት ናርዶስ ቃርፉን ለሚንን ትርንጎታትን ፈረየ፥ ክርስቶስ ሰንበት ሰርዐ፥ ሰናይ ንዝጸገውና ነምስግኖ።

ንባባት፡ ሮሜ 7:1-14፥ 1ጴጥ 1-21፥ ግ.ሓ. 22፡1-6፥ ማቴ 7:1-14

ምስባክ አንተ ፈጠርከ ፀሐየ ወወርኀ፥ወአንተ ገበርከ አድባረ ወምድረ ኲሎ፥ ክረምተ ወሓጋየ ዘአንተ ፈጠርከ።መዓልትን ለይትን ፈጠርካ ወርኅን ፀሓይን ገበርካ፥ ንምድሪ ወሰን ገበርካላ ሓጋይን ክረምትን ፈጠርካ መዝ. 74፡16-17።

፩ይ ሰንበት ዘጽጌ ንአምላኽን ንብጻይን ክነፍቅር ከም ዝግባእ የዘኻኽረና። እዋኑ ርክብ አምላኽን ርክብናን፥ ርክብናን ርክብ ሓውና አብቲ ማርያም ዘርአየቶ መሰረት ገርና እነስተንትነሉ እዋን እዩ። ሕይወት ማርያም እንተ ረአናዮ ብምልኡ ርክብ ምስ አምላኽ ዝነበራ እዩ ዝገልጽ። ትውፊት ካብ ንእስነታ አብ ቤተ መቕደስ ከም ዝዓበየት፥ አብ ዓቕሚ ሔዋን ምስ በጽሐት ገብርኤል መልአኽ ድላይ አምላኽ ከም ዝገለጸላ እሞ ብፍቕሩ ሕራይ ኢላ ከም ዝተቐበለት ነንብብ። እዚ ኹሉ ዝሕብሮ ምስ አምላኽ ዝነበራ ርክብ ይገልጸልና። ንሳ ነቲ አምላኽ ዝገበረላ ዓበይቲ ነገርት ርእያ ከም ዝኽአለት ባዕላ ትነግረና። ምጽናስ ኤልሳቤጥ ምስ ሰምዓት ክትሕግዝ ከይዳ። ከም ሓዋርያ ወዳ አብ ኩሉ ትስዕቦ ነራ አብ ቃና ዘገሊላ ንሽጉራት ሰብ መርዓ ረዲአ፥ አብ ጽርሓ ጽዮን ብፍርሒ ተሸቕሪሮም ንዝነበሩ ሓዋርያት ተጸናንዕ ነራ ስለዚ ማርያም ኩሉ ጊዜ ክትሕግዝ ክተጸናንዕ ምስ ደለየት እያ፥ አሰር ማርያም ተኸቲልና አምላኽ ዝገበረልና ክንርኢ እሞ ክነፍቅሮ ክነኽብሮ ሽዑ ንሓውናን ሓፍትናን ክነፍቅር እንተ ኸኣልና ካብ አምላኽ ርሑቓት አይኮናን።

ማቴዎስ ወንጌላዊ ንሎሚ ዘንበብናዮ ንሕይወትና ዝጠቕም ነቲ ኢየሱስ አብ እምባ ኮይኑ ዘስተምሃሮ መሰረት ገሩ ንነፍሲ ወከፍና የስተምህር።

አይትፍረድ፡ ፍርዲ ንአምላኽ ጥራሕ ዝውሃብ እዩ በዚ እዩ አብ ብሉይ ኪዳን እግዚአብሔር ደጋጊሙ ንደቂ እስራኤል ፍርዲ ንአምላኽ ጥራሕ ዝውሃ ከምዝኾነ ዝነገረ። ሰብ ንኽምኡ ዘመሰለ ሰብ ከይፈርድ ዝኽልክልኦ ሰለስተ ቀንዲ ምኽንያታት አለዋ፡

1. ሓቂ ብምልኡ አይንፈልጥን ኢና ወይ ንሰብ ብምሉእ ክንፈልጦ አይንኽእልን ኢና። ሓደ Labrador spar ዝብሃል ክሪስታል ርእይ ምስ አበልካዮ ሃሳስ ዘየንጸባርቕ እዩ ዝመስል ግን ገላቢጥካ በዝን በትን ምስ ረአኻዮ በቲ ነጽበራቕ ዝርአየሉ ተምጽኦ እሞ ሽዑ ብዘደንቕ ጽባቒ ከንጸባርቕ ይርአ ይብል። ሰባት እውን ልክዕ ከም እንርእዮም ዘይኮኑ ክኾኑ ይክአል እዩ። ዘይፍተዉ ክመስሉና ይክአል ምኽንያቱ ብምሉእ ስለ ዘይንፈልጦም። ኩልና ገለ ጽቡቕ አብ ውሽጥና አሎና ምናልባት ሰባት ክርእይዎ ዘይክእሉ፥ ስለዚ ክንገብሮ ዘሎና በቲ ብደገ እንርእዮ ክንፈርድ ወይ ክንኩንን ዘይኮነ ነቲ አብ ውሽጢ ዘሎ ጽባቔ ክንርኢ አሎና። እዚ ኸአ እዩ ካልኦት ንአና ኽገብርዎ እንደልዮ፥ እዚ ኸአ እዩ ንኻልኦት ክንገብሮ ዘሎና።
2. ንብዙሓት አብ እንህቦ ፍርዲ ዳርጋ ፍርቂ ፍርቂ ክንከውን ዘይክአል እዩ። ደጊምና ደጋጊምና ብስምዒታት ተጠምዚዝና ንሰባት ንፈርድ ወይ ዘይናቶም ንህቦም። ነዚ ብምርዳእ ግሪኻውያን አብ ጥንቲ ዘመናት አብ ሓደ ጽንኩርን አድላይ ፍርዲ አብ ዝህቡሉ ነቲ ዝፍረድ ሰብ ብፈረዲ ወይ መሰኻክር ከይርአ ኢሎም አብ ጸልማት አብ ዘይርአየሉ ገሮም ይፈርዱ በዚ ኸአ ብዘይ ዝኾነ ጽልዋ ንሓቂ ይፈርዱ ነሮም። አብ ሓደ ዝንገር ታሪኻ ሓደ ፈራዳይ ጉቦ በሊዑ ዘይቅኑዕ ፍርዲ ፈሪዱ። እንተ ኾነ አብቲ ሃገር ዝነበረ ንጉሥ ነቲ ዘይቅኑዕ ፍርዲ ምስ ሰምዐ ነቲ ፈራዳይ ንሞት ፈሪዱ ቆርበቱ አውጺኡ አብ መንበር ፍርዲ ገሪዎ ይብሃል በዚ ኸአ ኩሎም ፈራዶ ብዘይ ዝኾነ ጽልዋን ጉቦን

ሓቂ ከም ዝፈርዱ ገርዎም ይብሃል። እቲ ፈጺሙ ብገለ ዘይጥምዝዞ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ሓቀና ፍርዲ ክህብ ዝኽእል። ወዲ ሰብ ብገለ ምኽንያት ክጽሎ ይክእል እዩ ስለዚ ሓቀኛ ፍርዲ ምሃብ ናይ ኣምላኽ እዩ።

3. ኢየሱስ እዩ ክንፈርድ ከምዘይብላና ዝነገረና። ወላ ሓደ ሰብ ንኻልእ ሰብ ክፈርድ የብሉን። ኣብ ዓይንኻ ሠርወ ኸሎስ ከመይ ገርካ ንኃውኻ ካብ ዓይንኻ በሰር ከውፅኣልካ ጎደገኒ ትብሎ። ናይ ካልእ ሰብ ጌጋ ኢልና ዝገመትናዮ ክንርኢ ቀሊል እዩ እንተ ኾነ እቲ ቀንዲ ዓቢ ጸገም ኣባና እዩ ዘሎ።

እቲ ኣብኡ ጌጋ ዘይርከብ ጥራሕ እዩ ንጌጋ ካልኦት ክፈርድን ክርእን ዝኽእል ንሱ ኸአ እግዚኣብሔር እዩ። ወላ ሓደ ካባና ክፈርድ ክሓሚ ንጌጋ ካልኦት ርእዩ ክፈርድ ዝኽእል የብልና። ብዙሕ ጊዜ ንሰባት ብዘይውዓልዎ ወይ እውን ገበርዎ ብግምት ከምኡ ካልኦት ብዝሃቡና ሓበረታ ንፈርዶም እዚ ግን ኣብ ዝገደደ ጽልእን ሕመታን ፍርድን የብጽሓና ስለዚ ሎሚ እውን ኣይትፍረዱ ይብለና። ካባና ወላ ሓደ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሰብ ክፈርድ ዝኽእል የለን።

ቀጺሉ ኢየሱስ ብዛዕባ ናይ ጸሎት ጥቕሚ ይነግረና። ጸሎት ማለት ሓሳብካን ልብኻን ናብ ኣምላኽ ገጽካ ምልዓል ወይ ከአ ካብ ኣምላኽ ሠናይ ነገር ምልማን ማለት እዩ (ቅ. ዮሓንስ ዘደማስቆስ)። ኢየሱስ ናይ ልመና ጸሎት ክነዘውትር እዩ ዝምህረና ምኽንያቱ ናይ ልመና ጸሎት ንህላዌ ኣምላኽ ከም ፈጣሪናን ኣቦና ኣላሊና ካብ ውሽጥና ቀጻሊ ዝፈስስ ውሽጣዊ ልመና ክነቅርብ ይሕግዘና። ከም ፍቑራት ፍጡራት ኣምላኽ ትሕትና ለቢስና ብልቢ ክንልምን ንጥቕምና እዩ።

ኢየሱስ ብዛዕባ ጥቕሚ ጸሎት ክነግር እንከሎ ዝኾነ ደረት ኣይገበረሉን፡ ለምኑ ኺውሃበኩም እዩ፥ ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፥ ማዕጾ ኳሕኩሑ ኪረሓወልኩም እዩ ኢሉና። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ከአ እግዚኣብሔር ኣቦና ስለ ዝኾነ እዩ። ቅ. ጂሮም ኣብዚ ርኢትኡ ክህብ እንከሎ፡ ንዝለመነ ኩሉ ክውሃቦ እዩ ዝብል ጽሑፍ ኣሎ፥ ዘይተዋህበካ እንተ ኾነ ኣይተዋህበካን ምኽንያቱ ኣይለመንካን ስለዚ ለምን ክውሃበካ እዩ ይብል።

ገለ ጊዜ ንልምን ንጽሊ ግን ዝለመናዮ ኣይውሃበናን ስለምንታይ? ቅ. ኣጎስጢኖስ ነዚ ክምልስ እንከሎ ኣይንውሃብን ስለምንታይ ንሕና ክፉኣት ወይ ግላዊ ሕይወትና ጽቡቕ ስለ ዘየለ እዩ፥ ብዘይ እምነት፥ ብዘይ ትሕትና ጽቡቕ ገርና ኣይንጽልን፥ ገለ እዋን ንዘይጠቅመና ነገራት ንዝጎድኣና ነገራት ንልምን ይብል። ጸሎት ሓቀኛ ጸሎት እንተ ዘይኮነ ሓንቲ ፍረ የብሉን።

ኢየሱስ ቀጺሉ ከምዚ ይብለና ከምቲ ሰባት ኪገብሩልኩም እትደልይዎ ኹሉ ንስኻትኩም እውን ከምኡ ግበሩሎም እናበለ ንኹልና ዝኸውን ወርቃዊ ሕጊ ሂቡና። ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ መለክዒኡ ምስ ሓውናን ሓፍትናን ዘሎና ርክብ እዩ። ነቲ ዝረአዮ ኃዉ ዘየፍቅሮስ ነቲ ዘይረአዮ ኣምላኽ ኬፍቅር ኣይክኣሎን እዩ እሞ ንኃዉ እናጸልአስ ንአምላኽ ኣፍቅሮ እየ ዚብል እንተሎ ንሱ ሓሳዊ እዩ (1ዮሓ 4፡20)።

ነዚ ወርቃዊ ሕጊ ንርአዩለ ኢልና እንተ ገበርናዮ ንአና ጥራሕ ዝርኢ ንገብሮ ኣሎና። እዚ ሕጊ እዚ ኣነ ገለ ክህበካ እየ ንስኻ ኸአ ኣምሰያኡ ሃበኒ ኢና ንብል ዘሎና እዚ ኸአ እዩ ንዓለምና ዘይመልክዓን ዘይ ናታን ኣልቢሱ ኣደዳ መከራ ገርዋ ዘሎ። ንኻልእት እንገብረሎም ነገር ብዘይ ቅድመ ኩነት እዩ ክኸውን ዘለዎ፥ ንገዛእ ርእስና ክሳብ ክንደይ ከም እነፍቅር ደረት ኣይንገብረሉን ኢና። ኢየሱስ ሓዲስ ትእዛዝ ሂቡ ነገራት ሓዲስልና። ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና ንሕና ኸአ ንኻልኦት ክነፍቅር ኣሎና።

ሰባት ኣብ ሕይወትና መሪጽና እንተ ኸአልና ንሕይወትና ወሳኒ እዩ፥ ግን ምርጫና ንድኅነትና ክኸውን ኣለዎ። ኣዳምን ሔዋን ግጉይ ምርጫ ስለ ዝገበሩ ኣብዚ ዘሎናዮ ከም እንወድቕ ገሮምና። ኣብ ታሪኽ ሰባት ደጋጊሞም ግጉይ ምርጫ ኸገብሩ ይርአ። ኣብ ዘዳግም 30፡15 ዘሎ እንተ ኣንበብና እግዚኣብሔር ንደቂ እስራኤል ሎሚ ሕይወትን በረኸትን ሞትን ጥፍኣትን ኣብ ቅድሜኹም ኣንብረልኩም ኣሎኹ፥ እናበለ ሓዲኡ ክመርጹ ሓቲትዎም። ቀጺሉ ኣብ ዘዳ 30፡19 ሕይወትን ሞትን በረኸትን መርገምን ኣብ ቅድመኹም ኣንቢረልኩም ከም ዘሎኹ ሎሚ ሰማይን ምድርን ምስክረይ እዮም እምብአር ብሕይወት ምእንቲ ኽትነብሩ ሕይወት ኃረዩ ይብሎም። ኢያሱ ንኹሎም ደቂ እስራኤል ሎሚ ንመን ከም እትገልግሉ ሓዲኡ ምረጹ፥ ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሔር ኢና እንገልግል እናበለ ምርጫና መን ክኸውን ከምዘለዎ ይነግረና። ኤርምያስ

*እግዚአብሔር ከምዚ ክብል ሰምዐ እንሆ አብ ቅድመኹም ናብ ሕይወት እትወስድ መገድን ናብ ሞት እትወስድ መገድን አንብር አሎኹ፥ ስለዚ ሓዲኡ ምረጹ* ክብል ከም ዝበሎ ይነግረና።

ኢየሱስ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ነዚ ሕቶ ንመን ከም እንመርጽ እዩ ዝሓተና ዘሎ። ገፊሕ መገዲ አሎ ብዙሓት ይመርጽዎ ግን መጨረሽትኡ ዕንወት እዩ፥ ከምኡ ጸቢብ መገዲ ብርቱዕ ክትጉዓዞ አሎ ግን መጨረሽትኡ ሕይወት አለዎ።

አብ መንጎ እዘን ክልተ መገዲ ዘሎ ፍልልይ ክንርኢ ንርድኢትና ከዕብዮ ይኽእል እዩ ከምኡ እንጉዓዞ መገዲ ርኢና ክንቅይር ጽቡቕ አጋጣሚ ክኾነና ይኽእል እዩ።

1. *ቀሊልን ብርቱዕን መገዲ።* ዓቢ ክቡር ክትከውን ቀሊል መገዲ የለን፥ ክብረት ናይ ጻዕሪ ፍረ እዩ። ቅድስና ብሃረርታ አይመጽእን እዩ ዕለት ዕለት ክንጽሊ ክንጋደል አሎና። ከምቲ ቅ. ጳውሎስ ደጋጊሙ ዝብለና አብ መዓልታዊ ሕይወትና ንፉዓት ተዋጋእቲ ክንከውን ይመክር። አብ መንጎ ሕማቕን ጽቡቕን መሪጽና ክንክእል አሎና። ቀሊል ሕይወት ንጥፍአት እዩ ዝወስድ ብርቱዕ መስቀል ዘልአ ግን አብ ትንሣኤ እዩ ዝወስድ። ቀሊል መገድ ከይንመርጽ ምስትውዓል የድልየና። መንግስተ ሰማያት ብርቱዓት እዮም ዝአትውዋ።
2. *ነውሕን ሓጺርን መገዲ*። አብ ሕይወት አብ ውጽኢት ጥራሕ ክንጥምት የብልናን፥ ውጽኢት ናይ ነውሕ ጊዜን ጻዕርን ፍረ እዩ። አብ ክርስትያናዊ ሕይወትና ብአቋራጭ ዝብሃል ነገር የልን ነውሕን ጻዕርን ጸሎትን ተጋድሎ ዝመልአ ሕይወት እዩ አብ ሓጎስ ጎይታና ዘእትወና፥ አብ ዓለም ሰባት በቋራጭ ክዕወቱ ይደልዩ፥ ግዝያዊ ዓወት የደናግሮም፥ እንተ ኾነ አብ ሓቂ ክርአ እንተ ኾነ ነባሪ ነገር ብቕልጡፍ አይብጻሕን እዩ። ዝነውሐ መገዲ ዝበለጸ መገዲ እዩ።
3. *ስነስርዓትን ስነስርዓት ዘይብሉ መገዲ።* አብ ሕይወት ክንዕወት እንተ ኾና ስርዓት ዘለዎ ሕይወት ሒዝና ነቲ ክንገብሮን ክነማልኦን ዘሎና እናገበርና እንተ ተጎዓዝን እዩ። ተጻወቲ ልምምድ እንተ ገበሩ ጥራሕ እዮም ክዕወቱ ዝኽእሉ። ዕሩፍ ዘይ ኮነ ሕይወት ሳዕልን ታሕትን ክብል ሓንቲ ቁምነገር ከይገበረ እዩ ሕይወቱ ዝሓልፍ ስለዚ ምስትውዓል ከምኡ ንሕወትና ስሩዕ ክንገብረ ከሎና ጥራሕ ኢና ክንዕወት እንኽእል።
4. *ሓሲብካን ከይሓሰብካ ዝግበር መገዲ።* እዚ ሕመረት ናይ እዚ እንብሎ ዘሎና እዩ። ካባና ወላ ሓደ ቀሊል መገዲ ወይ ሓጺር መገዲ ወይእውን ስርዓት ዘይሓለወ መገዲ ከይሓሰበ ክወስድ አይክእልን እዩ፥ ኩሉ እንገብሮ ሓሲብና ኢና እንገብሮ። ዝኾነ ነገር አብ ዓለም ክልተ መልክዕ አለዎ። አብቲ ዝፍጸመሉ ዘሎ እዋንን ድሕሪኡ ዘሎ እዋንን በበይኑ እዩ። አብ መጀመርያ ቀሊል መገዲ ኩሉ ቀሊል ዝማርኽ ጥዑም ክመስል ይኽእል፥ ብአንጻሩ እቲ ብርቱዕ መገዲ ግን ከቢድ ዘድክም ክመስል ይኽእል እዩ። አብ ጭቡጥ እንተ ርአና ግን ጉዕዞናን ሕይወትናን አብ ሓቅን ቅድስና ክንበጽሕ ነቲ መጀምርያ እንገብሮ ዘይኮነ ነቲ አብ መጨረሻ ዘብጽሓና መገዲ እዩ እቲ ዛዛሚ ሓቂ። ንነገራት ብግዝያውን ሓላፍን መልእክዕ ዘይኮነ ብዘለዓለማውነት ክንርእዮም አሎና።

እምብአር በዚ ብሩኽ ሰንበት አብ ነፍስና ተመሊስና ጉዕዞ ሕይወትና ንርአ ነዚ ክሕግዘና ኩሎም ንባባትና አብ ርእስና ክንምለስ እሞ ነቲ ካብ አምላኽ ዝፈልየና ጠባይና አተሓሳስባና ከምኡ ምስ ከማና ዝበሉ አሕዋትና ዘሎና ርክብ ክንርኢ እሞ ብፍቕሪ ክርስቶስ ተማሪኽና አብ ሓደ መአዲ ድሕነት ክንጽመድ ክንሕግዝን ክንዕድምን የዘኻክሩና። ጉዕዞ ሰማይ ቀሊል ከምዘይኮነ ንምከረሉ አሎና ስለዚ ሓገዝ የድልየና። መድሓኔ ዓልም ክርስቶስ እትሕግዝ አደ አብ ድነ ሞት አብ መስቀል እንከሎ ሂቡና እዩ። እንሃ አደኹም ኢሉና አሎ እሞ ኦ ማርያም አደና አብዚ ዝተፈላለየ ፈተና ዝመልአ ዓለም ጸኒዕና ንድሕነት ነፍስና ንድሕነት አሕዋትናን ክንወፍር ሓግዝና ምርሕና ንበላ።

ብሩኽ ሰንበት

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ